ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ

سفارة دولة اريتريا
الولايات المتحدة الأمريكية

EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA TO THE UNITED STATES OF AMERICA

# ሓበሬታ ብዛዕባ ምቕጻል ቆንስላዊ ኣገልግሎታት

ዮሃና ንመበል 30 ዓመታት ቅንያት ጽምብል ናጽነትና!

ብምኽንያት ለበዳ ኮቪድ-19 ተቛሪጹ ዝጸንሐ ቆንስላዊ ኣገልግሎታት፡ ካብ ሰሉስ ዕለት 18 ግንቦት 2021 ጀሚሩ ክቕጽል ምዃኑ ንኩሎም ዜጋታትናን ተገልገልትናን ንሕብር። ለበዳ ኮቪድ-19 ብመጠኑ ተመሓይሹ'ምበር ሕጂ'ውን ገና ጠቕሊሉ ስለዘይጠፍአ፡ እዚ ሕጂ ዝጅመር ዘሎ ኣገልግሎት ቆንስላዊ ጉዳያት፡ ድሕነት ዜጋታትናን፡ ተገልገልትናን፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ማለት ኣባላት ስታፍ ቆንስላዊ ጉዳያትን ወለንታውያን ወከልትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ሓድሽ-ኩነት (New Normal) ስለዝካየድ፡ ኩሉ ሰብ ብትግሃትን በቲ ዝወሃብ መምርሒን መሰረት ክተሓጋገዝ ንምሕጸን። ቆንስላዊ ኣገልግሎታት ንህበሉ ኣገባብ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ይኸውን፦

1. ኩሉ ዝወሃብ ኣገልግሎታት ብርሕቀት ማለት ብቴሌፎንን ምልእኣኽ ፖስታን ኢመይልን ይፍጸም። እዚ ኣገባብ ንኩሎም ኣብ ሕ/መ/ኣመሪካ ዝነብሩ ተገልገልቲ ዝምልከትን ቀደም'ውን ዝስረሓሉ ዝነበረ ኣገባብ ኢዩ።

2. ምርግጋጽ ሰነዳትን ክታምን ብኣካል ኣብ ቅድሚ ወኪል ክትግብረ ስለዘለዎ፡ ተገልገልቲ ኣብ ዝነብሩሉ ከተማ ምስ ዝርከቡ ወለንታውያን ወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቐዲሞም ቴሌፎን ብምድዋልን <u>ቆጸራ</u> ብምሓዝን ሰነዳቶምን ክታሞምን የረጋግጹ። ቁጽሪ ቴሌፎን ኣብ ከተምኡ ናይ ዝርከብ ወኪል ዘይብሉ ተገልጋሊ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ቆንስላዊ ጉዳያት ክረክብ ይኽእል።

3. ኣብ ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ንዝነብሩ ተገልገልትና'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ብቴሌፎንን ምልእኣኽ ፖስታን ከምዝግልገሉ ክግበር ስለዝኾነ፡ ብኣካል ኣብ ኤምባሲ ምምጻእ ከምዘየለ ንሕብር። ምርግጋጽ ክታምን ሰነዳትን ኣብ ዝድለየሉ፡ ኣብ ባህላውን ሲቪካውን ማእከል ኤርትራውያን (ECCC) 2154 24th Place NE, Washington, DC 20018 <u>ብቆጸራ</u> ከምዝካየድ ንሕብር።

4. ተገልገልቲ ዝተዋህቦም ቆጸራ ኣኽቢሮም፡ ሰነዳትን ክታምን ኣብ ዘረጋገጹሉ ቦታ ብምርካብ ጉዳዮም ከሳልጡ ሓላፍነት ኣለዎም። ቆጸርኡ ዘየኽበረ ተገልጋሊ ድማ ዳግማይ ቆጸራ ብምውሳድ ኣገልግሎት ይረክብ።

ለበዳ ኮቪድ-19 ንምስዓር ኩላትና ግቡእና ኣብ ርእሲ ምግባር፡ ክታበት ድማ ንኩሉ ሰብ ተፈቒዱ ስለዘሎ፡ ኩሉ ዜጋ ነዚ ዕድል ተጠቒሙ ክታበቱ ክውድእ ኣጥቢቕና ነዘኻኽር።

ድሕነት ልዕሊ ኩሉ !

**ዓወት ንሓፋሽ !!**

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ሕ/መ/ኣመሪካ
17 ግንቦት 2021